# ኣምላኽ የፍቅረኒ

## ሕብሪ ዝልከ መጽሓፍ

# 4


Written by
Leah and Rebecca
Illustrated by
Chris Olouch
Cover design by
Bertin L. Tshibamba

**ተርጐምቲ**
**እናቴ ንግስቲ ሚካኤል**
**ቢንያም ዮሴፍ**



Paulines
Paulines Publications Africa

ይተኃተም፡-

✝ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበኻ ኣሥመራ

# ኣምላኽ የፍቅረኒ እዩ

## 4

ብኃልዮት መንበረ ጵጵስና ሰበኻ ኣሥመራ
ዝተኃትመ ኢዩ።

© መሰል ኣኅታሚኡ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና

ኣሥመራ ሰነ 2010

✣ ✣ ✣

# God Loves Me


## 4

© copyright, The Catholic Eparchy Of Asmara
ISBN - 99948 - 50 - 07 - 5


All rights are reserved

Franciscan Printing Press


Asmara 2010
Eritrea




ቀዳም ዕረፍቲ እዩ። ንጒሆ ምስ ተንሳእኩ
ጸሓይ ድሮ በሪቓ ነይራ።
ንኣምላኽ ስለ ህያብ ህይወትን ሙቀት ጸሓይን ኣመስግኖ።




ኣቦይን ኣደይን ንዓይ የፍቅሩኒ፥ ኣነ ድማ ኣዚየ አፍቅሮም!
ኵልና ንሳራ ንእሽቶ ሓፍተይ ንፈትዋ።




እግዚኣብሔር ንዓናን ነዛ ንእሽቶ ገዛናን ይሕልወና።



ኣቦይ ኣብ ግራትና በብዓይነቱ ኣሕምልቲ ይዘርእ።




ንሕና ደርሁ ኣለዋና። ንሳተን ኣብ ሰፈረን እንቋቑሖ ይወልዳ።
ንሕና ድማ ዝበዝሕ ጊዜ ቍርሲ ንገብሮ።





ኣብ መሬት ዝረገፈ ብሱል ብርትኳን
እግዚኣብሔር ዘውረደለይ ህያብ እዩ።




መምህረይ ስለ ትሓልየለይ
ብዙሕ ነገራት ትምህረኒ። ንሳ ትፈትወኒ እያ።




መምህረይ ክትሕግዘኒ ኵሉ ሳዕ ድልውቲ እያ።



ኣምላኽ ብዙሕ ህያባት ይህበና።
ገለ እንስሳታት ሰብ ይፈተው።




እዛ ጻዕዳ ዕየተይ ስለ ትኣምነኒ ናብ
ዝኸድኩዎ ደደሕረይ ትስዕብ።




ሲምባ ከልብና ክርእየኒ ኸሎ ነጢሩ ይሕቈፈኒ።




ዋላ እቲ ድሕሪ ምውቕቲ መዓልቲ
ካብ ሰማይ ዝፈስስ ዝናም ህያብ እግዚኣብሔር እዩ።





ኣዕሩኽየ ብሉጻት ህያብ ኣምላኽ እዮም።
ኣብ ትምህርቲ ንሓድሕድና ንተሓጋገዝ።




ዝበዝሕ ጊዜ ድሕሪ ዝናም ኣብ ቈልቈለት ሸተት ንጻወት።




ስድራይ ማይ ክሃርም ከሎ ኣብ ገዛ ኾይኑ
ዝጻወተሉ መጻወቲ ገዚኦምለይ።



ብጊዜ ሃሩር ኣብ ባሕሪ ክንሕምብስን በታ
ቐይሕን ቀጠልያን ዝሕብራ ኲዕሶና ክንጻወትን ንፈቱ።



ኣብ ገምገም ባሕሪ ብሑጻ ጌርና ገዛ ምስራሕ ንፈቱ።



ንሕና ኣምላኽ ኲሉ ሳዕ ከም ዝሕልወና ንፈልጥ ኢና።



ጸሓይ ዓሪባ መዓልቲ'ኳ እንተ ሓለፈ፣
ኣምሳኽ ምሉእ ለይቲ ከም ዝሕልወኒ እፈልጥ እየ።




ኣምሻኸይ ስለ ዝፍቅረኒ ሕጉስ እየ።